## ሓያል ህዝቢ።

ሓያል ህዝቢ ዝነብር ኣብ ብልሒ፣

ቁጽርኻ ውሑድ ዘይብሉ ብዝሒ፣

ተፈጢርካ ኣብ ኣጻምእ ከውሒ፣

ብጽንዓት እምንቶኻ ታሪኽ ሰራሒ።

ትብል ንቱጉህ የቡሉን ዓጋቲ፣

ኣብ ነብስኻ ትኣምን ትነጽግ ትጽግዕቲ፣

ረሃጽካ ይነጥብ ዘይብሉ ዕረፍቲ፣

ጥጡሕ መንጸፍ ከትገድፍ ንሕድሪ ተቐበልቲ።

ኣብ ምድረበዳ ተንብዕ ማይ፣

ጎቦታት ዓጊትካ ትፈጥር ቀላይ፣

ንቑጽ መሬት ትቕይሮ ሓምልይ፣

ብርቱዕ ህዝቢ ሓቀኛ ተጋዳላይ።

ሓያል ህዝቢ ዘይብሉ ገበዝ፣

ቃሉ ዘይቕይር ምእንቲ ሓገዝ፣

ዓቕሊ ተቐኒቱ ብሕጊ ዝእዘዝ፣

ልማዱ ኣይኮነን ፈዘዝ መዘዝ።

ንሱ ዝውዕሎ ውዕሎ ማንም ነይፍንቅሎ፣

ህድእ ኢሉ ይሓስብ ገና ግዜ ከሎ፣

ተብተብ ኣመሉ ኣይኮነን ቶሎቶሎ፣

ጉድኣቱ ስለ ዝርዳእ ደሓር ከይሕንኩሎ።

ብሓሳብ ጥሙር ሓደ ስጉምቱ፣

ብሓባር ይወፍር ብሓባር ይኣቱ፣

እንትርፎ ሰላም ህውከት ዘይፈቱ፣

ንሱ ዶኾን ይኸውን ሚስጢር ዓወቱ?

ኣብ ክልተ ሃይማኖት እዚ እምነቱ፣

ነንሕድሕዱ ምክብባር ቀንዲ ሓለገቱ፣

ታሪኽ ባሰዲራ ዑና ይምስክር ጽንዓቱ፣

ምፍልላይ ስለ ዘይኣምን'ዩ ብሓንሳብ ሞይቱ።

ህዝቢ ኤርትራ ርህሩህ ብፍጥረቱ፣

ኣብሊዑ ዘስቲ ነቶም ቀተልቱ፣

ብሰላም ዘፋኑ ኩሎም ሙሩኻቱ፣

መሰል ሰብ ምግሃስ ኣይኮነን እምነቱ።

ፍቱው ህዝቢ በቶም ኣፍቀርቱ፣

ስለምንታይ ስለ እቲ ልውህነቱ፣

እንትርፎ ናቱ ዘይደሊ ናይ እንዳ ኣማቱ፣

እቒረ ምባሎም ኣይተርፍን'ዩ እቶም ዓመጽቱ።

ክብርን ሞጎስ ንምክልኻል ሓይልታትና።

ሰላምን ቕሳነት ንህዝብና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።